# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.181 ሰንበት 30 መጋቢት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስለምንታይ ነዲርና ንዛረብ?


ገጽ 4
ጐሓፍ፡ ብግቡእ እንተተመሓዲሩ ጸጋ'ዩ

ገጽ 5
ካብ ተመኩሮታት መጉዓዝያ


ገጽ 7
መንእሰያትና ዝሰሓሉ. . .



## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ፡ ንመንእሰያት ኣስተምህሮ ሂቡ



ሰኣሊ. ዘርኣይ ብርሃነ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኮሎኔል ዞሚከኤል ተኽልዩ፡ ካብ 18 ክሳብ 26 መጋቢት፡ ኣብ ሰንዓፈ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ማይ-ሰራው፡ ሰገነይቲ፡ ማይ-ዓይኒ፡ ዓረዛ፡ ደቀምሓረን ማይ-ድማን፡ ንልዕሊ 14 ሽሕ መንእሰያትን ተመሃሮን ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ ኣብ ቅኑዕ ስነምግባር፡ ኣገዳስነት ምዕቃብ ክብርታት፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ማዕከናት ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታትን ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ቤት-ትምህርቲ ቴክኒክ ደቀምሓረን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዝምልከቱ ሃዲኦም ኣስፋሕ ሓቢሩ።

ብስነምግባር ነውሪ ብዝይምነት ሓጥያት፡ ብሕጊ ድማ ገበን ዝኾኑ ብተመሃሮ ዝፍጸሙ ተርእዮታት ብኣብነት ኣሰንዩ ዝገለጸ ኮሎኔል ዞሚከኤል፡ ንምውጋዶምን ፈጻምቶም ንምግራምን፡ ተመሃሮ ምትሕብባርም ምስ ፖሊስ ክዕዘዙ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ፡ ካብ'ቲ ኣስተምህሮ - ብሰንኪ ሽለልትነትን ሰኣን ግቡእ ግንዛበን ዝፍጸም ጌጋታት ብምንጻር ሕጋዊ ተሓታትነት ክርድኡ ከምዝኸኣሉ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮታት ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሮም።

ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርትን መምህራንን በበወገኖም፡ ንእዋናውነትን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣብ ዕሉታዊ ምንቅስቓሳቶም ብዮዝበር ክሰርሑሉ ተላብዮም።

## ተሰነይ - ተሳታፍነት ኣብ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ዕብየት ኣመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ተሳታፍነት ህጻናት ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዕብየት ከምዘርኣየ፡ ሓላፊት ምክትታል ብቕዓት መዋእለ-ህጻናት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሰናይት ረዘነ ሓቢራ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2001/2002 ብድሩት ትሕተ-ቕርጻን ዓቕሚ መምህራንን ከምእተበገሰ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ 10 መዋእለ-ህጻናት ኣስታት 1,100 ተመሃሮ ከምዘለዉ፣ እዚ ድማ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ18.6 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣረዲኣ።

እተን መዋእለ-ህጻናት፡ 6 ናይ መንግስቲ 4 ድማ ናይ ብሕቲ ምዃነን ብምጥቃስ፡ ብመሰረት መምርሒታት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንጥፈታተን ከምዘካይዳን ዝምስገን ኣበርክቶ ከምዘለወን ኣረዲኣ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ኣብ ምድላው ብቑዕ ህጻን ንመጻኢታ፣ ምብራኽ ርእሰ-ተኣማንነት ህጻን፣ ከምኡ'ውን ምምዕባል ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓት ህጻን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምብራህ፡ ወለዲ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምውቃዕ ተሳትፎኦም ክሓይሉ ኣዘኻኺራ።

ርእሰ-መምህር መዋእለ ህጻናት 'ተርሙማ' መምህር ኢልሳ ኣንገሶምን ርእሰ-መምህር መዋእለ ህጻናት 'ፍረ ሰላም' መምህር ተኽኣ ከሱተን ብወገነን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መረዳእታ ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብምዕባዩ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ክብ ከምዝበለ ብምግላጽ፡ ወለዲ ምትሕብባሮም ክዛይዱ ኣተሓሳሲበን።

## ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እድርባ፡ ተጠቃምነት መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት ዕቤት ኣርእዩ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እድርባ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኣብ 2020 ዝተኸፍተት መደበር ጥዕና፡ ጉጊ-ጉጊ'ቲ እትህቦ ኣገልግሎት፡ እተካይዶ ጉስጓሳት ጽቡቕ ወጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓላፊ መደበር ጥዕና እድርባ ነርስ ሰዒድ ሕሜዳ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ኣደን ዕሸልን ድማ ብፍላይ ዘጋጥም ዝነበረ ጸገማት ከምእተቓለለ ብምጥቃስ፡ ክትትል ነፍሱ ጾራት 51 ሚእታዊት ክበጽሕ ከሎ፡ መጸበዩ ነፍሱጾራት ናይ ዝጥቀማ ድማ ብ4 ዕጽፊ ከምዝዓበየ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ስምኦን በኹረጽዮን ብወገኑ፡ እቲ ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት'ውን ብበእዋኑ ይማላእ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ካብ ሓሊብ መንተል ክሳብ ቤሎ ዝዘርጋሕ 23 ኪሎ-ሜተር ናይ ሓመድ ጽርግያ ብደገፍ ማሸንሪ ምትዕርራይ ከምእተገበረሉ ገሊጹ።

ንተሳትፎ ኮም ኣብ ምምላእ ሕጽረታት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብምምዃስ ድማ፡ ኣገልግሎት ኤሌትሪክ ክሰፍሕ፣ ጽገም ኣገልግሎት መጓዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ'ውን ምጥርናፍ ህዝቢ ክድፋኣሉ ተላብዩ።

ሓንቲ ካብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ዝኾነት ምምሕዳር ከባቢ እድርባ፡ ካብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኣስታት 30 ኪሎ-ሜተር ንሸንኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ርሒቓ ትርከብ።

## ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር

## ፎሮ - ኣብ ላሓዜን፡ ራህያ ተሰሪሓ

ኣብ ላሓዜን - ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ኩምሆለን ገደም-ላሓዜንን ዓቕሚታቶም ብምውህሃድ፡ ኣስታት 20 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ ናይ ምውህላል ዓቕሚ ዘለዋ ራህያ ሰሪሖም።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ምምሕዳራት ከባቢ ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዝተወሰደ ተበግሶ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዘጋንሐ ሽግር ዝሰተ ማይ ስብን ጥሪትን ንምቅላል ዝዓለመ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምስ ምዝዛማ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ይስተዩ ከምዝነበሩ ገሊጾም።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ብወገኑ፡ ኣገዳስነት ምህናጽ'ታ ራህያ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ፡ ኣብ ምስሳን ተፈጥሮኣዊ ሃብትን ልምዓት ሕርሻን ድማ ብፍላይ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ምምሕዳራት ከባቢ ኣብነተን ክኽተላ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ዝጸሓሐ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓራፋ፡ ንዝተወሰደ ተበግሶ ድሕሪ ምምስጋን፡ ነታ ዲጋ ንምስፋሕ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ምምሕዳራት ከባቢ ኩምሆለን ገደም-ላሓዜንን፡ ብምግሕራሽን መዓላን ዝናበር ልዕሊ 7 ሽሕ ህዝቢ ይነብሮ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ዒድ

ምስራቕ ሂላል ወርሒ ሸዋል ናይ 1446 ሂጅሪያ/2025 ዓ.ም ትማሊ ምሸት ስለዝተረጋገጸ፡ ሎሚ ሰንበት 30 መጋቢት 2025 ዒድ ኣልፈጥር ከምዝኾነ ንሕብር።

**ርሑስ ዒድ**

**ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን**

**በዚ ምኽንያት፡ ሰንበትን ሰኑይን ህዝባዊ በዓል ምዃኑ ንሕብር።**

## ዜና

# ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ጻዕዳ-ክርስትያን፡ ንብሉጻት ተመሃሮኣ ሸሊማ

ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ጻዕዳ-ክርስትያን፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ 35 ኣባላት 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮኣ፡ ብ23 መጋቢት ሸሊማ።

ርእሰ-መምህር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሳሙኤል ዘርኦም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኑቶም ዝተሸለሙ ተመሃሮን ወለዶምን "ዮሃና" ብምባል፡ ተመሃሮ ንመጻኢ ብዝበለጸ ክጽዕሩ፣ ወለዲ ድማ ኣብ ምትብባዕ ደቆም ከይተሓለሉ ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ፍስሃየ ጸጋይን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጼንን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ዝኸበረ ብሉጽ ውጽኢት ንምዕቃብ ብዝለዓለ ሓላፍነት ክሰርሑ ተላብዮም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ድማ፡ እቲ ሸልማት መቐጸልታ ናይ'ቲ ንተመሃሮ ዝግበር ምትብባዕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ኣብ ጽገና ትሕተ-ቅርጺ ኣብያተ-ትምህርትን ካልእን ንዘጉበርዎ ተሳታፍነት ብዝለዓለ ክቕጽልዎ ተማሕጺኑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምውህሃድ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ልዑል ነጥቢ ዝዓጸኡ 27 ደቂኣንስትዮ ዝርከቦም 91 ተመሃሮ፡ ሸልማት "ታምሬዳ" ዓዲሎም።

ግዚያዊ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣቶ ማሪቆስ ግርማጼን፡ ንሸልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባታት ሞልቐ፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ፡ ኣቑርደት፡ ሻምብቆ፡ ፎርቶ-ሳዋ፡ መንሱራ፡ ሎጎ-ዓንሰባን ሃይኮታን ምዃኖም ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ብወገኑ፡ ሸልማት 'ታምሬዳ' ኣብ ምምሕያሽ ውጽኢት ተመሃሮ እወታዊ ጽልዋ ይገብር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ቁጽሪ ዝሸለሙ ተመሃሮ ክብ ንምባል ብውህደት ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ ድማ፡ ንብሉጻት ምትብባዕ ኣካል ናይ'ቲ ብቐዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምብራኽ ዝውሰድ ተበግሶ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኵሉ'ቲ ብሉጻት ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ሕጽረታት ንምቕላል ክሰርሑ ተማሕጺኑ።




# ባረንቱ - መስኖኣዊ ሕርሻ ንምድንፋዕ ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ መስኖኣዊ ሕርሻ ንምድንፋዕ ዘውሃብ ሞያዊ ኣስተምህሮታት፡ ኣብ ዕቤት ንጥፈታት ጀራዲን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሙሴ ባህታ፡ 170 ሄክታር ብመስኖ ዘልምዑ 121 ሓረስቶት ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ብምኽሪ ሞያውያን ተሓጊዞም ጠለብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘርቲ ንምምላእ ይሰርሑ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ካብ ጠቕላላ ብመስኖ ዝለምዕ ስፍሓት መሬት፡ 80 ሚእታዊት ኣሕምልቲ፡ 20 ሚእታዊት ድማ ፍረታትን ቀጠልያ መግቢ እንስሳን ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሙሴ፡ ምስ ምድላብ ተመኩሮን ሞያዊ ምኽርን፡ ኣብ ከቦሳ ጥራይ ተደሪዖም ዝጸንሑ ዓይነታት ኣሕምልቲ ክለምዑ ጀሚሮም ምህላዎም ብምሕባር፡ ኣልማዕቲ ብሰ-ፍልጠታውን ኣርባሕን ኣገባብ ምህርቶም ዘዕብዩሉ ሜላታት ከምዝተኣታተዉ ንምግባር፡ ጸዕቕን ቀጻልን ስራሕ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ተጸዋዒ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኢንጂነር ኣዜብያ ኣልፈዮን ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ወ/ሮ ጸጋ ተኽላይን ብወገኖም፡ ዝካየድ መስኖኣዊ ሕርሻ ምስ ቅርጺ መሬት ዝተሓላዘ ብድህሃታት'ኳ እንተለዎ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ብሰብ ሞያ ሕርሻ ንዘወሃቦም ሞያዊ ምኽርን መምርሒታትን ተኸቲሎም ምስ ዘልምዑ፡ ውጽኢት ክርከቦ ከምዝከኣል ብግብሪ ዝተረጋገጸ ምዃኑ ገሊጾም።

ንሱቶም ኣስዒቦም፡ ልምዓት ምቁር ድንሽ ብፍላይ ጸቡቕ ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎን ኣብ'ታውያን ሓረስቶት ብዝዘበርዎ ፈተነ ካብ ሄክታር ክሳብ 400 ኩንታል ክሕፈስ ከምእተኻእለን ኣብሪሆም።

ኣልማዕቲ ኣብ መውዳእታ፡ ሳላ'ቲ ብሰብ ሞያ ሕርሻ ዝወሃቦም ኣስተምህሮ፡ ኣብ ሜላታት ምድንፋዕ መስኖኣዊ ሕርሻ ብሓፈሻ፡ ኣብ መኻዕበቲ እቶት ድማ ብፍላይ ዝጸንሖም ኣፍልጦ ብምዕባዩ፡ ምህርቶም ካብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ሓሊፉ ናብ ካልኦት ንኡስ ዞባታት ይለኣኽ ከምዘሎ ሓቢሮም።

# ኣብ ማይ-ዓይኒ፡ ወፍሪ ክታበት ጥሪት ተኻዪዱ

ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ጥሪት ንምክልኻል ዝዓለመ ወፍሪ ክታበት ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ንሰሙን ዝቐጸለ መደብ፡ ብሓፈሻ ኣስታት 17 ሽሕ ጠሉብባዕ ከምእተኸትባ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና እንስሳታት ኣቶ ወልደኣብ ኣሰፋው ሓቢሩ።

ኣብ ኣጣሊን ኣጣልን ዝርአዩ ጉልሓይ-ማሰል ሕማማት ቅልጡፍ ፍወሳን መግትእን እንተ ዘይተገይሩሎም ኣብ ጥሪት ከቢድ ሳዕቤን ከምዝኸትሉ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ብፍላይ ከኣ ኣብ መጓሰ ዘሎዎም ወነንቲ ጥሪት፡ መደባት ክታበት ተኸቲሎም ጥሪቶም ብግቡእ ክኽትቡ ኣተሓሳሰበ።

ወነንቲ ጥሪት ብወገኖም፡ ዓመታዊ ብዝካየድ ናይ ክታበት መደብ፡ ጥሪቶም ጥዕናአን ተዋሒሱ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ዝካየድ ወፍሪታት ክታበት ንምዕዋት ካብኦም ዝሕተት ከምዝፈጽሙ ኣረጋጊጾም።

# ዓንሰባ - ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ዘይቲ ሞተረ ንምውጋድ፡ ብዕቱብ ክሰራሕ ጸውዒት ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ዘይቲ ሞቶረ (ኦልዮ ብርሻቶ) ኣብ ኣከባቢ ዘውርዶ ሓደገኛ ሳዕቤናት ንምውጋድ ብዕቱብ ክሰራሕ፡ ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኢንጂነር ተስፋማርያም ጉብረሂወት ጸዊዑ።

'ኦልዮ ብርሻቶ'፡ ካብ ሓደሽ ዘይቲ ብፊዚካላውን ቀመማውን መስርሓት ሓሊፉ ዝፍጠር ሓደገኛ ፈሳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብኡ ዝርከቡ ብዙሓት ጎዳእቲ ቀመማት፡ ንትሕዝቶ ሓመድ፡ ማይን ኣየርን ክበክሉ ከምዝኽእሉ ኣጺሩ።

ሓደ ሊትሮ 'ኦልዮ ብርሻቶ' ልዕሊ 5,220 በርሚል ማይ ክበክል ከምዝኽእል ዝጠቐሰ ኢንጂነር ተስፋማርያም፡ "ዘይዳ ሓደገኛ ዝጉበሮ ሳዕቤኑ ኣብ ዝተናወሐ እዋን ዝኽሰት ብምዃኑ'ዩ" ክብል፡ ሕማማት ሳንቡእ፡ ቁርበት፡ ሕማም ኩሊትን ኣካላት መፍረን ከምኡ'ውን ዝሕታለ ኣእምሮን መኻኽትን ክስዕብ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ኣብ ሕብረተሰብና ሰኣን ኣፍልጦ - እዚ ሓደገኛ ፈሳሲ ኣብ መሳልል ናይ መንበሪ ቤት፡ ንምክልኻል ባልዓትን ምንካይ ደሮናን ክዘውተር ከምዝርአ ብምጥቃስ ድማ፡ እዚ ክውገድ ኣተሓሳሰበ።

ካብ ሳዕቤናት 'ኦልዮ ብርሻቶ' ንምድሓን፡ ወሁድ ምሕደራ ጉሓፍ ክህሉ ዘዘኻኸረ ኢንጂነር ተስፋማርያም፡ ወነንቲ ጋራጃትን መካይንን ንሱ ኣሉ ኣብ ዝተሓዝአ ቦታ ዘይቲ ከምዝቕይሩ ብምግባር፡ ውሕስነት ኣከባብን ሕብረተሰብን ንምርግጋጽ ሓላፍነታውያን ክኾኑ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣከባቢ ካብ ብከላ ምክልኻል ንሓደ ኣካል ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ንኣከባቢ ክበክሉ ካብ ዝኽእሉ ጉሓፋት ብሓፈሻ፡ ካብ 'ኦልዮ ብርሻቶ' ከኣ ብፍላይ ንምክልኻል ብትግሃት ክዓዪ ተማሕጺኑ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም	ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ	ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ስለምንታይ ነዲርና ንዛረብ?

ሓደ ብዕድመ ዝደፍኡ ኣቦ ምስ ደቆም ብጥቓ ጣንክ እናኸዱ እንከለዉ፡ ኣብ ኣፍደገ'ቲ ጣንክ ክልተ ካብ ኣቦላት ናይ ሓንቲ ስድራቤት ብዓውታ ክቋየቑ ረኣዩዎም። እቶም ኣቦ ኣዒንቶም ናብ ደቆም ጠምዚዞም ከምዚ ክብሉ ሓተትዎም፡ "ስለምንታይ'ዩም ሰባት ክሓርቁ ከለዉ ብዓውታ ዝዛረቡ?"

ሓደ ካብ ደቆም፡ "ብዓውታ እንተተዛራብና ወይ ተቛይቖና ሕርቃንና ስለዝወጽኣልና እዩ" ክብል መለሰ፡ "ግን እኮ እቲ ትቋየቖ ዘለኻ ሰብ ኣብ ጥቓኻ'ዩ ዘሎ። ህድእ ኢልካ እንተተቛይቖካ እውን እኮ ሕርቃንካ ይገልጽ'ዩ። ነቲ ሰብ'ውን ብልኡም ኣገባብ ጌጋኡ እንተነገርካዮ እዩ እቲ ዝሓሸ። ስለዚ ስለምንታይ ኢና ብዓውታ ንቋየቑ?" ሕቶኦም ደገሙ እቶም ኣቦ።

ዝምልስ ኣይነበረን ዘዕግብ መልሲ'ውን



ኣይተረኽበን። እቶም ኣቦ ኑቶም መልሲ ደልዮም ዓይኒ ዓይናም ዘጥምቶምም ዝነበሩ ደቆም እናተመልከቱ ከምዚ ኢሎም ክገልጹሎም ጀመሩ፡፡ "ክልተ ሰባት ንሓድሕዶም ክቋየቑ እንከለዉ ልብታቶም እምብዛ እየን ዝረሓሓቓ። ነቲ ራሕቂ ንምሽፋን ኢና ከኣ ብዓውታ ንዛረረብ። ነቲ ራሕቂ ቀስ ኢልና ተዛሪብና ንሽፍኖ ስለዘይመስለና፡ ዓንቀርና ክጭድድ ክሳብ ዝደሊ ብዓውታ ንዛረብ፡ ሕርቃንና ክውሰኽ እንከሎ፡ ብእኡ መንጽር ከኣ ብዓውታ ንዛረብ፡ ብዓውታ ክንቋየቑ እንከለና መመሊስና ኢና ራሕቂ ንውሰኽ፡ ብኣንጻሩ ክልተ ፍቑራት ክዘራረቡ ኣስተውዒልኩም'ዶ ትፈልጡ? ንሓድሕዶም ብዓውታ ኣይዛረቡን'ዮም። ኣብ ክንዳኡ ቀስ ኢሎም እዮም ዘዕልሉ። ምኽንያቱ ልብታቶም እምብዛ ስለዝቀራረባ ወይ ራሕቅታቶም ኣዝዩ ጸቢብ ስለዝኾነ ዓው ኢልካ ምዝራብ ኣየድልየምን'ዩ" በልዎም። እቶም ኣቦ ንሒደት ደቓይቕ ሰቕ ድሕሪ ምባል ዘረባኦም ቀጸሉ'ሞ፡ "እምብዛ እናተፋቐርካ ክትከይድ ከለኻ'ኸ እንታይ ከም ዝስዕብ ትፈልጡዶ?"፡ "ኣይትዛረብን ኢኻ! ንሓድሕድካ ምስ ተጠማመትካ፡ ልብታትካ እንታይ ይብላ ከም ዘለዋ ጥራይ ይርድኣካ። ስለዚ ዘረባ ኣይትመርጽን። እቶም ናይ ብሓቂ ኣብ ፍቕሪ ዝጠሓሉ ሰባት ከኣ ከምዚኦም'ዮም፡ " ድሕሪ ምባል፡ ንደቆም ኣተኲሮም ጠሚቶምዎም፡ "ስለዚ ክትቋየቑ እንከለኹም፡ ልብታትኩም ንኽርሓሓቓ ዕድል ኣይትሃቡ። ብዙሕኻትኩም ህድእ ኢልኩም ክትዛረቡ ፈትኑ። ቁኖጃ ነገር ከህድእ ዘይርእ ከኣ ከምዚ ስለዝኾነ'ዩ" ኢሎም ገዕዘኦም ቀጸሉ።

መጽሔት መንእሰይ - ቁ.68

## ሓቅታት ብዛዕባ ሓንጎል

• ሓንጎልና ኣብ ዝጥፈሉ ወይ ንቑሕ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ካብ 10 ክሳብ 23 ዋት (ሓይሊ ጸዓት) ከመንጩ ይኽእል። እዚ ጸዓት እዚ ከኣ ንሓንቲ ኣምፑል መብራህቲ ከብርህ ዝኽእል ማለት እዩ።

• ስርዓት መትኒ ደቂ ሰብ ካብ 90-180 በልዮን መትንታት ይሕዝ፡ ካብዚኦም፡ እቲ 99.8 ኣብ ሓንጎል ዝርከብ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ 1.29 ሚእታዊት ከኣ ኣብ ዓንዲ ሕቖን ካልእ ክፋል ኣካላትናን ይርከብ።

• ኣብ ሓንጎልና ቃንዛ ምስ ዘጋጥም ኣይስምዓናን እዩ። እቲ ምኽንያት፡ ኣብ ሓንጎልና ስምዒት ቃንዛ ዘተርጉም (pain receptors) ስለዘይብልና እዩ።

• ሓንቲ መትኒ ብጠምጋም ንሓደ ሽሕ መትንታት መልእኽቲ ተመሓላልፍ።



• ሓንጎልና 2 ሚእታዊት ናይ ጠቕላላ ክብደት ኣካላትና ዝሕዝ'ኳ እንተኾነ፡ 20 ሚእታዊት ካብ ኣካላትና ዝርከብ ኦክሲጂን ግን የህልኽ።

• ሓደ ሰብ ኣብ 18 ዓመት ዕድመኡ ዕቤት ሓንጎሉ ደው ይብል።

• ሓንጎልና ካብ 4-6 ደቓይቕ ጥራይ እዩ ብዘይ ኦክሲጂን ክጸንሕ ዝኽእል።

## ብዛዕባ ቅንኢ



• ቀናእ ሰብ እቲ ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ኣዝዩ ዝግደስ ሰብ እዩ።

• ቅንኢ፡ ብዘለኻዮ ኩነታት ምስ ዘይትሕጎስ ዘጋጥም እዩ።

• ኣብ ፍቕሪ ዘለዉ ሰባት፡ ብንእሽተይን ዘይጠቅም ነገርን ከይተረፈ ይቀናንኡ።

• ቀንዲ መጠቐሲ ቅንኢ ልዑል ኑብሰ ምትሓት እዩ።

• 'ምስ ኑበሰኻ እሙን ምኻን እቲ ዝበለጸ መገዲ ፍወሳ ንቅንኢ ምኻኑ፡ ብዙሓት ክኢላታት ዝሰማምዕሉ ሓቂ እዩ።

• ቀናኣት ሰባት፡ ብድሕረኻ ንእሽቶይ ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ፡ ብዛዕባኻ'ዮም ዝዛረቡ። ኣብ ዘረባኦም ከኣ፡ ብዛዕባኻ ጽቡቕ ዘይኮነ ወረን ሓሶትን ይዝርጉ።

• ቀናኣት ሰባት፡ ምስ ፈተውትኻን መቕርብኻን ንዘለካ ዝምድና ክበትኑ ኩሉ ግዜ ኣበርቲዖም ምስ ሰርሑ እዮም።

• ሰባት ንቕንኦም ብሓንቲ ባህርያት ወይ ስምዒት ኣይኮኑን ዝገልጽዎ። ከም ኣሉታዊ ብብዙሕ ስምዒታትን ባህርያትን እዮም ዘንጸባርቕዎ።

## ፌስቲቫል ቻባንግ ካት

ቻባንግ ካት ኣብ ሕብረተ ሰብ ቺከም (ህንዲ) ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዝጽንበል ፌስቲቫል እዩ። ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ወርሒ ሕዳር ድማ ይጅመር። ቻባንግ ካት 3 ሽሕ ዕድመ ዘለዎ ፌስቲቫል እዩ። ኩሉ ቺን ሚዞ ዝተባህሉ ቀቢላ ድማ ልዕሊ ካልኦት ብሄራትን ቀቢላታትን ብፍሉይ ይጽንበልዎን የብዕልዎን። ዕላማ ናይ'ዚ ፌስቲቫል ምህርቲ ንዘዘኦም ኣምላኾም ንምምስጋን እዩ፡ ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዝበዓል።

ቻባንግ ካት ክትርጎም ከሎ፡ ቻባንግ ዝብል ቃል ቀውዒ ክኸውን ከሎ፡ ካት ዝብል ቃል ድማ ምእካብ ምህርቲ ማለት እዩ። ናብ ኣምላኾም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ኣብ ሃገሮም ሰላም፡ ጥምረትን ሃብትን ክኸውን ትምኒቶም የዕርጉ።

ኣመጻጽኣን ኣጀማምራን ናይዚ ፌስቲቫል ንጹር እኳ እንተዘይኮነ፡ ምናሴ ዝተባህለ ሓደ ካብቶም 12 ነገዳት እስራኤል፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ወራር ንቀይሕ ባሕሪ ሰጊሩ ክሰደድ ከሎ፡ ሰናይ ጉዕዞ ክኾነሉ ብምምናይ 'ካት' ዝተባህለ ናይ ቀውዒ በዓል



ከምዝዘበዐለ ዝገልጽ ኣፋዊ ዛንታ ኣሎ። መበገሲ ናይ'ዚ ፌስቲቫል ድማ እዚ ዛንታ ከምዝኾነ ይንገር።

ቻባንግ ካት ኣብ ሚዞፑር ካብ ዝዝከሩ ፌስቲቫላት እቲ ዝዓበየ እዩ። እዚ ፌስቲቫል ከመይ ክኸውን ኣለዎ ዝገልጹ ጽሑፋት ወይ ሕግታት እኳ እንተዘይሃለዉ፡ ኩሎም ቀቢላታት እዚ ቦታ ኣብ ናቶም ባህላዊ ሳዕስዒታት የቕርቡ። ናብዚ ፌስቲቫል ዝመጽእ ሰብ ኩሉ፡ ንብሄሩ ዝገልጽ ባህላዊ ኣኩዳድና ይጉብር። እዚ ፌስቲቫል መንእሰያትን ዓበይቲን ብማዕረ ዝሳተፍዎ ውዕዉዕ ፌስቲቫል እዩ። 'ካንግቾይ' ዝበሃል ጸወታ ድማ ይጻወቱ። እዚ ጸወታ ብመንእሰያት ዝጽወት ኮይኑ፡ ንዝሓየለ መንእሰይ ዝግበር ውድድር እዩ። ሓደ ካብቲ ጽቡቕ ነገር ናይ'ዚ ፌስቲቫል ደቂ ኣንስትዮ'ውን ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ናይ ምስታፍ ዕድላት ዝወሃበን ምኻኑ እዩ። ከምቲ ዝሓየለ ወዲተባዕታይ ዝምረጸሉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ውድድር ቁንጅና የካይዳ።

ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘመናውን ስፖርት ይካየዱ። ካብ ሩዝ ዝተሰርሐ ኣልኮላዊ መስተ ድማ ይጉበሩ።

ኣዳለውቲ እዚ ፌስቲቫል 'ካት ማራቶን' ብዝብል ስም ውድድር ጉያ ማራቶን ኣብ ከተማ ሞረህ የዳልዉ። ቴማ ናይ'ዚ ውድድር፡ 'ንጥምረትን ብዙሕነትን ጉየ' ዝብል እዩ።




# ጉሓፍ፡ ብግቡእ እንተተመሓዲሩ ጸጋ'ዩ

ኢን. ሳምሶን ዓንደማርያም

ጉሓፍ፡ ብናይ ዝበዝሕ ኣረዳድኣ ደቂ-ሰብ፡ ንቕዳማይ ትሕዝቶ ጸጋ ሓደ ነገር ብምጥቃም፡ ኣገልግሎቱ ወዲኡ ዝደበ ኣቕሓ ወይ ጥረ-ነገር እዩ። ጉሓፍ ብዘይካ'ዚ፡ ዘይተደልየ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕልን ረብሓ ዘይብሉን ብምባል ድማ ይግለጽ። ብዙኾማዊ ኣብ ገለ "ውሑድ ቀጠባዊ ረብሓ (ዋጋ) ዘለዎ ናይ ሓብር ፍርያት" ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ቅድሚ ናብ ከምዚ ዝጥቀስ ዘሎ መረዳእታ ምብጻሕና፡ ጉሓፍ፡ ካብ መጠቐሲኡ (ምንጩ) ጀሚሩ፡ ብደሆታቱን ክሳብ ናይ መወዳእታ ምሕደራኡን ካብኡ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ክንፈልጦምን ክንርድኦምን ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ጽሑፍና ብዛዕባ ጉሓፍ ምሉእ መረዳእታን ስእልን ክህልወና ምእንቲ፡ ባህርያትን እንታይነትን ጉሓፍ ማለት ካበይ ይምንጩ? ብምንታይ መልክዕ (ስቴት ፈሳሲ፡ ደረቕ'ዶ ወይ ጋዝ)፡ ጉድኣቱ (ሓደገኛነቱ)፡ ናይ ምምሕዳር ተኽእሎኡ፡ ዳግም ተጠቃምነቱ ወዘተ ዝብሉ ትንታኔታት ብዝርዝር ክንርኢ ኢና፦

1. **ምንጪ ጉሓፍ**

ምንጪ ጉሓፍ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ምድባት ከፊልካ ምርኣዩ ይከኣል። ኢንዱስትርያዊ፡ ንግዳዊ፡ ዘቤታውን ሕርሻውን ጉሓፋት ተባሂሎም ይግለጹ። ኢንዱስትራውያን ጉሓፋት እንበሎም፡ እቶም መመስርሕን መስናዓትን ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ዘፍርያ ትካላትን ፋብሪካታትን ዘወጽኡ ዓይነታት ጉሓፋት እዮም። ንግዳዊ ጉሓፍ፡ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኮለጃት፡ ድኳናትን ኣብያተ-ጽሕፈትን ወጽኡ እዮም። ዘቤታዊ ጉሓፍ እንበሎ ኸኣ፡ ካብ መንበሪ ኣባይቲ ዘወጽእው ኮይኑ፡ ሕርሻዊ ጉሓፍ እንበሎ ድማ፡ ካብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዘወጽእ እዩ።

2. **መቐመጢት**

ጉሓፍ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ምድባት ከፊልካ ምርኣዩ'ውን ይከኣል። ቀዳማይ፡ እቶም ኣብ ሓጺር ግዜ ክምሽምሹን ቀልጢፎም ናብ ሓመድን ካልኦት ጠቓምቲ ማዕድናትን ክቕየሩ (ክልወጡ) ዝኽእሉ ንከም ጉሓፋት ተረፍ መረፍ መግቢ፡ ወረቓቕቲ፡ ጥቓታት፡ ዕንጨይቲ፡ ጉሓፍ ጀርዲንን ሕርሻን ዝሓቁፍ ባዮ-ዲግሬዳብል ብዝብል ዝግለጽ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ብባህርያዊ ዘይምሽምሽን ወይ ንኽምሽምሹ ነዊሕ እዋን ዘድልዮም (ዘወስደሎም) ነገራት ዝግለጽ እዩ። ፕላስቲክ፡ ሓጺን፡ ብርጭቆ፡ ባትሪ ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥረ-ነገራት ድማ ይሓቁፍ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ሽግራት ምሕደራ ጉሓፍ ሓደ፡ ኩሉ ዓይነት ጉሓፍ ሓዋሲኻን ብሓደ ምጉሓፍን እዩ። ከም ግቡእ ግን ከምኡ ክኸውን የብሉን። ግቡእ ምሕደራ ኣጉሓሕፋ ክንከተልን ንጉሓፍና ዳግማይ ኣብ ጥቕምና (ረብሓና) ንምሃል ክንጽዕትን ይግባእ። ግቡእ ምሕደራ ኣጉሓሕፋ ከመይድ ደዩ? ንዝብል፡ ጉሓፍ ብዓይነት ፈላሊኻ ኣብ ጠበዩኑን ንዕኡ ተባሂሉ ኣብ ዝተዋደደ መጉሓፊ ክንጉሕፎ እንክለና እዩ።

ባዮ-ዲግሬዳብል ጉሓፋት፦ ንኽምሽምሹ ሓጺር ግዜ ዝደልዩ ጥረ-ነገራት ዝሓቁፍ ምኻኑ ተመልኪትና። በዚ ኣገባብ ብውሑድ ወጻኢ ኣመሸሚሽካ ረብሓ ንምርካብ እንታይ ዓይነት ጥረ-ነገራት ትጥቀም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ክብ ኢሉ ከም ዝረኣናዮ በዚ ኣገባብ'ዚ ተጠቒምካ ዘቤታውን ባህርያውን ድኹዒ ምምስራሕ ከም ዝከኣል ተመልኪትና። ባህርያዊ ድኹዒ፡ ካብ ኦርጋኒክ (ህይወታዊ) ነገራት ይፈሪ። ባህርያውያን ነገራት ብምጥቃም ዝፈሪ ዓይነት ድኹዒ፡ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ ኣብ ምህብታም ልዑል ግደ ኣለዎ። ባህርያውያን ድኹዒ ብዓይነትን ብዝሕን ይፈላለዩ። ካብዩም ብዙሓት ውሑዳት፡ ቀልቀል እንስሳታት፡ ጉሓፍ ኣዝርእቲ፡ ሓሙኽሽቲ፡ ዕንጨይቲን ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ፡ - ካብ ዝተፈላለዩ ባህርያውያን ነገራት ብምጥቃም፡ ብዙሕ መስርሕ ሓሊፉ ዝዳሎ እዩ። ምብልላዕ ወይ ምምሽምሻሽ ናይ'ቶም ክምሽምሹ ዝኽእሉ ጥረ-ነገራት፡ ኣትክልቲ፡ እንስሳታት ወዘተ ምስ ህላወ ኦክስጅንን ካልኦት ብዓይኒ ዘረኣዩን ዘይረኣዩን ኣመሽምሽቲ ታህዋስያንን ዝዕደድን ዘቋርጽ ተፈጥሮኣዊ መስርሕን እዩ። ካብዩም ዝበለጹ ኣገባብ ምድላው ድኹዒ ተባሂሉ'ውን ይግለጽ። መሐደስትን መሁብተምቲን ትሕዝቶ (መኣዛ) ሓመድ ተባሂሉም ካብ ዝጥቀሱ ኣገባብ ሓደ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣከባብያዊ ሃብቲ ካብ ምብኻን ውሑስ ምሕደራ ባህርያዊ ጸጋ ካብ ዘወግደልናን ዘረጋግጸልናን ኣገባብ ምሕደራ ጉሓፍ እዩ።

# ኣገዳስነት ባህርያዊ ድኹዒ

ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ዝተፈላለየ ጥቕሚ ኣለዎ። ስለ ዝኾኑ፡ ብዝተጓዳኸነትን ትኩረትን ክስተግበር የድሊ። ሓደ ካብ ቀንዲ ጥቕሚታት ኣድላይነት ባህርያዊ ድኹዒ፡ መጠን ጉሓፍ ኣብ ምንካይ ክጥቀስ ይኽእል። ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ኣብ ምሕዳስን ምምላስን ካብ ሓመድ ብኣትክልቲ ተመጺዮም ዝጠፍኡ ኣድለይቲ ማእዝታትን ማዕድናትን ረብሓ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ምሕደራ ጉሓፍን ሰብ ዝሰርሖ ድኹዒ ንምዕዳግን ዝስላዕ ገንዘብ ከም ዝኽሪ ይጉብር።

ስሩፍልጠታዊ ኣገባብ ምምስራሕ (ምድላው) ባህርያዊ ድኹዒ፡ ብተፈጥሮኡ ባህርያዊ ካብ ዝኾነ ድኹዒ ዘፍሊ የብሉን። ልክዕ ከምቲ ባህርያዊ ድማ፡ ኣብ ኣከባብያዊ ጽልዋ የብሉን። ኣብ ባህርያዊ ሕግን መስርሕን ተደሪብዩ (ተጓሒፉ) ዝጠፍእ ዝኾነ ይኹን ነገር የለን። ኣብ ክንድኡ ኩሉ ኣብ ቀዳማይ ኣገልግሎቱ ዘብቅዐ ነገር፡ ብተፈጥሮኣዊ መገዲ ከም እንደገና ናብ ካልእ መልክዕ ተቐይሩ፡ ብኻልኦት ፍጡራት ከም ቀንዲ ኣድላዪ ጥረ-ነገር ኩይኑ፡ ናብ ንብረን ዘየቋርጽን ዑደት ይምለስ። እቲ ኣብ ግዜ ምምሽምሻሽ ዝፍጠር ክሳብ 65 (ዲግሪ-ሰንቲ ግሬድ) ዝበጽሕ ዋዒ፡ ንቶም ኣብ ጉሓፍ ዝጸንሑ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ተጓዓእቲ ታህዋስያን ድማ ይቐትሎም።

ኣብ ግዜ ምብልላዕ ናይ መሽመሽቲ ነገራት፡ ካብ ዝፍጠሩ ወጽኢት ሓደ፡ ሚተይን ዝበሃል ጋዝ እዩ። እዚ ዓይነት ጋዝ'ዚ፡ ከይተቓጸለ ናብ ጠፈር ምስ ዝበንን፡ ኣብ ብከላ ኣየር (ጋዝ ሓምላይ ገዛ) ዓቢ ጠንቂ ይኸውን። ኣብ ምቅልጣፍ ወሰኽ ዋዒ ዓለምና ድማ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። በዚ መሰረት፡ ንናይ ምብናን እዚ ጋዝ ንምውጋድ፡ ካብ መመሽመሺ ቦታ፡ ብትኽ ተሳሒቡ ንዕኡ ኣብ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ መዕቖሪ ተታሒዙ ብመልክዕ ነዳዲ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕል፡ ኣብ ኣከባቢ ዘወርዶ ሃሰያ ክቕንስ ይከኣል።

ምምስራሕ ድኹዒ ካብ ጉሓፍ፡ ብኽልተ ኣገባብ ይዳሎ። ንሳቶም፡ ምእኩልን ዘይምእኩልን ምምስራሕ ድኹዒን ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒን ይበሃሉ።



**ምእኩል ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ**

እዚ ዓይነት ኣገባብ፡ ንዕዳጋ (መኽሰብ) ዝዕለመ ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብዝተን ዝማዕበላ ሃገራት እዩ ዝዘውተር። ምኽንያቱ ምእኩል ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ንምትግባር፡ ዓቢ ፊናንሳዊ ዓቕሚ፡ ኣዝዩ ዝተወደበ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ምሕደራን ሰፊሕ መመስርሒ ቦታን፡ ዝተራቐቐ መጠነ - ግዙፍ መሳርሒታትን የድልዮ። ስለ ዝኾኑ መብዝሕትኡ ግዜ ብዓበይቲ ኣብ ንግዳዊ-ሕርሻ ዝጥፍኡ ናይ ብሕቲ ትካላት ይካየድ። ሳሕቲ ኸኣ ኣብ ከም ህንዲ፡ ጥንሳደሽ፡ ቻይና፡ ፓኪስታን፡ ብራዚል...ወዘተ ዝበላ ኣብ ጉድና ምዕባለ ዝርከባ ዓበይቲ ሃገራት፡ እናተለምደ ይኸይድ'ኳ እንተሎ፡ ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚን ናይ ምውላ ጸገማትን ዝጠንቁ ግን ከምቲ ዝድለ ክሰጉም ኣይከኣለን።

ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ከለንትንኣዊ ባህርያትን ሰፍሓቱን ኣብ ከም ሃገራት ኣፍሪቃ ብቐሊሉ ክትግበር ዝከኣል ኣይኮነን። ብሕልፊ ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ዝርከባ ሃገራት ዝዉቱር ኣይኮነን። ኤርትራ ሃገርና'ውን ንህሉው ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ክሳብ ረቂቕ ክኢላዊ ዓቕምን ግዙፍ ፊናንሳዊ ሓይልን ዝሓትት ምእኩል ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ከተግብር ዘሎ ተኽእሎ ከበድ እዩ። እንተኾኑ ምስ ዘለና ዘይጸዓድ ናይ ምግባር ሽውሃት፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ከተግብሮ ከም እንኽእል ተስፋናን እምነትናን ልዑል እዩ።

**ዘይምእኩል ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ**

ዘይምእኩል ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ኣብ መላእ ዓለም ልሙድ'ዩ። ብተናጸል ካብቲ ዝኸሰ ኣብ መንበሪ ገዛ ዝካየድ ምምስራሕ ድኹዒ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ኮምን ዓበይቲ ናይ ትምህርቲ ትካላትን ደረጃ ድማ ይካየድ። ኣብ ዝደለኻዮ ቦታን ብዝደለኻዮ ዓቐንን ዓቕምኻን ንኽትካየዶ ናጽነት ዝሀብ ኣዝዩ ዝውትር ስርዓት-ምምስራሕ ድኹዒ ድማ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ደረጃ ምዕባለኣን ብዘየገድስ፡ ኣብ ኩለን ሃገራትን ኩሎም ዓይነት ሓረስቶትን ኣዝዩ ዝውትሩን ግሉንን ንጥፈት ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ ከም ኤርትራ መብዝሕትኣን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግን፡ ብዘለወን ደረጃ ቀጠባ፡ ድሩት ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ድሑር ምዕባለ ቴክኖሎጅን፡ እቲ ዝ፡ ዝፍወስ ዝበለጸ ኣማራጺ እዚ ዘይምእኩል ኣገባብ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ እዩ።


ዘይምእኩል ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ዝውቱር ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያታት ሓደ፡ ብውሑድ ወይ ብዘይ ዝኾነ ወጻኢታት ክትግበር ዝኽእልን ዝተራቐቐ ስሩፍልጠታዊ ክእለትን ተክኖሎጂን ዝሓትት ኣይኮነን። መዋደዲ ዝኸውን ቦታ፡ ኣዝዩ ርሒብ ክንደሊ ግድን ኣይኮነን። ኣብ ጸቢብ ስፍራን ከም ድላይካን ክትጉብሮ ዝከኣል ስርሑ ኣዝዩ ቀሊል፡ መጠን ዘቤታዊ ጉሓፍ፡ ኣብ ምጉዳል (ምንካይ) ድማ ኣስተዋጽኦኡ ልዑል እዩ። ብዓበኡ ኸኣ፡ ኣብ ኣፍ-ደገ ቀንዲ ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ድኹዒ ዝኾኑ ሓረስቶት፡ ብቐሊሉ ክትድኩዎን ክተማስርሖን ዝከኣል፡ ኣብ ናይ መጉዓዝያ፡ ግዜን ቀጠባን ክሳራ ዘይብሉ ውርጹጽ ኣገባብ እዩ። ንዜጋታት ዕድላት ሸቕለት ይፈጥር። ንህዝብን ተማሃሮን ቀጥታዊ ግብራዊ ትምህርትን ስልጠናን ክቐስሙ ስለ ዝጉብር፡ ብዕቱብ ክንጥምቶ ይግባእ።

ስርዓት-ዘይምእኩል ምምስራሕ ድኹዒ ዝካየደሎም ዝውቱራት ቦታታት፦

- ኣብ መንበሪ ገዛ፡
- ብሉም ኣብ ሓደ ከባቢ፡
- ኣብ ትካላት ኣብያተ-ትምህርቲን መዓስከራትን፡
- ኣብ ንኡስ መጠን ሕርሻዊ ቦታታት፡
- ብንኡስ መጠን ብውልቀሰባት ንንግዳዊ ዕላማ ዝካየዱን......ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።



**ይቕጽል**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተመኩሮታት መጐዓዝያ

<u>ሓሙሻይ ክፋል</u>

### ተወፋይነት መራሕቲ መካይን

ተጋዳላይ ኢዮብ (ማንጁስ)፡ “ኣብ መጕዓዝያ ናይ መራሕቲ መካይን ተወፋይነት ክግለጽ እንከሎ፡ ኣብ ሕብረተሰብ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ሓደ መራሕ መኪና ምስቲ ጥጡሕ መንገዲ፡ ምስቲ ተዛማዲ ምቹእ ዘኾነ መነባብሮ፡ ብገምጋም ካብ ሓሙሽተ-ሽዱሽተ ዓመት ንላዕሊ ኣይሰርሕን'ዩ። ኣብ ሰውራ ግዱ፡ ቀዳማይ ጥጡሕ መንገዲ የለን። ካልኣይ፡ ምስቲ ድኻሞም ጥሜትን ጽምእን ኣለዎም። ሳልሳይ ተሓጋጋዛይ ወይ መብረ የብሎምን። ምሉእ ለይቲ ክሰርሑ ሓዲሮም፡ ንጽባሒቱ ግሮሰረ ምግባር፡ ጎማ ምቕያር፡ ዘይቲ ምምላእ፡ ምጽርራግ፡ … ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሰውራ ዝተሰለፈ መራሕ መኪና ኣብ ስራሕ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣብ ካልእ ንጥፈታት ናይቲ ውድብ ክሳተፍ ዕድል የብሉን። ኩነታት ስራሕ ብቐዳምነት ስለ ዝረኣን ስለ ዘጸግምን፡ ካብ ኣካዳሚያዊ ይኹን ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ካብ ሰሚናር ይኹን ባህሊ ከምቲ ካልእ ተጋዳላይ ክሳተፍ ዕድል ዳርጋ ኣይረክቡን'ዩ። ምስዚ ኹሉ ዘጋጥሞም ሽግራት ን14-15 ዓመታት ዝኣክል ካብ ሰዲለ ከይተኣልዩ፡ ምሉእ ዕድሚኦም ኣብ ሰውራ ይሰርሑ ነይሮም። ነዚ ናታቶም ተወፋይነት ብዓቢ ኣድናቖት'የ ዝጥምቶ።” ብምባል ዝኽሩ የካፍል።

ተጋዳላይ የማነ (ባዱ) ብወገኑ፡ “ዝዓበየ ዘላ ዝብሎ፡ እቲ ኣብ 1977 ምስ ምሕራር ከተማታት፡ ብፍላይ ከኣ ምስ ምትሓዝ ከረን ዝተራእየ እዩ። እዚ ኸኣ፡ ሓደ ብዝሒ መካይን፡ ካልኣይ ዋሕዚ ክኢላታት ጸገንትን መራሕቲ መካይንን መምሃራንን ብምርካብና፡ ነቲ ዝተሰልበ ንብረት ንምንቅስቓስን ጥዕና ናይተን መካይን ንምሕላውን ስለ ዝኽኣለና፡ ከም ፍሉይ ገይረ እጥምቶ።” ይብል።

ተጋዳላይ ሚካኤል (ሞምባሳ) እውን ናቱ ዝኽሪ ኣለዎ። ንሱ፡“ኣብ መጕዓዝያ ዝተረኣየ ዝዓበየ ለውጢ፡ ንኣቃውማን ኣሰራርሓን ዝምልከት እዩ። ብፍላይ ኣብ ጋራጅ ኣዝየን ዝተፈላለያ ዓይነት መካይን እየን ዝመጽኣ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ሓደ ክኢላ ናይ ናፍታ መካይን እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ናይ ናፍታ መካን እዩ ዝሰርሕ። ናይ በንዚና እንተ ኾይኑ ከኣ፡ ናይ በንዚና ይኸውን። ኣብ ሰውራ ዝምስጠካ ግዱ፡ ዘኾነ ናይ ጋራጅ ክኢላ፡ ‘ነዛ መኪና እዚኣ ኣይፈልጣን'የ። ነዚ ደኣ ከመይ ገይረ ክገብሮ?’ ከይበለ፡ ካብ ጸላኢ ዝተመንዘዓት ትኾን፡ ካብ ወጻኢ ዝመጽኣት ብዘየገድስ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መኪና ነቲ ዘድሊ ናይ ጽገና ስራሓት ክፍጽም ምኽኣሉ'ዩ። ብተወሳኺ እቶም ገዳይም ክኢላታት ሓደስቲ ተካእቲ እናፍረዩ እናመሃሩን፡ እቲ ኣብ መጕዓዝያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝነበረ ምዕባለ እናተሓንበበ ክኸይድ ክኢሉ።” ብምባል ኣድናቖቱ ብተመስጦ ይገልጽ።


ተጋዳሊት ራሕማ ኣሕመዲን እቲ ካብ ፈለማ ክሳብ ሽዑ ኣብ መጕዓዝያ ዝመጽአ ለውጢ ወይ ምዕባለ ክትገልጽ እንከላ፡ “እቲ ፍልልይ ሰማይን ምድርን'ዩ። እቲ ምንታይሲ፡ መጕዓዝያ ኣዚዩ ሰፊሑን ገፊሑን'ዩ። ቀደም እቲ ተጋዳላይ፡ ነቲ ስራሕ ብሓርኮትኮት'ዩ ዘካይዶ ነይሩ እምበር፡ ዝረብሕ ትሕዝቶ ሃልዩዎ ኣይኩነን። ንኣብነት፡ ኣብ ሳሕል ሓንቲ ኣብ ከበሳ ከኣ ሓንቲ ጋራጅ ጥራይ እየን ነይረን። ኣብቲ ዝቐጸለ ነዊሕ እዋን ቃልሲ ግዱ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ እቲ መካይን ዘዕርፋሉ ቦታታት ጋራጃት ተኸፊተን። ክንዲ ካብ ደገ ኣምጺእካ ወይ ሱዳን ሰዲድካ መካይን እተዐሪ፡ እቶም ክኢላታት ነቲ ዘድሊ ኣቕሓ ኣብ ቶርኖ ባዕላቶም ጸሪቦም ኣብ ሜዳ ከም ዘጽግን ክገብሩ ክኢሎም። ኣብ ርእሲኡ፡ መጕዓዝያ ምምሕዳሩ፡ ጾብጻባቱ፡ ኣሰራርሓኡ፡ … ስሩዕን ጽፉፍን ኰይኑ ኣሎ።” ትብል።

ተጋዳላይ ፍስሃ ወልደሊባኖስ ድማ፡ ብዛዕባ መጕዓዝያ ቀደምን ሎምን ክገልጽ እንከሎ፡ “ቀደም ምትዕጽጻፍ ናይ ሰባት ወይ ብጸዕቂ ጉልበት ጥራይ ብውሑድ ትሕዝቶ ጠለባትን ድሌታትን ውድብ የማልእ ነይሩ። ብዙሕ ጸገማት ከኣ ነይሩ። ንኣብነት፡ ሎሚ መንገዲ ሓሚቑ ሑጻ ኮይኑ ወዘተ ኢልና ንዛረብ ኢና። ሽዑ ኣብ መፋርቕ 70ታት ህዝባዊ ግንባር መካይን ክውንን ምስ ጀመረ ግዱ፡ ‘ዕንጸይቲ ኣንጽፈላ፡ ነቲ ሳኝ ብጉልበት ምእንቲ ክትሓልፎ እዩ’ ዝበሃል ነይሩ። ንሱ እዩ ነይሩ እቲ ምስጢር። ተበግሶን ምሉእ ድሌትን ናይ ሰባት ስለ ዝነበረ፡ እተን ዝርካበን ውሑዳት መካይን ከም ብዙሓት ኰይነን ከም ዝሰርሓ ኣብ ምግባር ዝካየድ ዝነበረ ጻዕርታት'ሞ ኸኣ ብዛዕባ ቅያር ኣቕሓ ፍጹም ኣብ ዘይትረኸበሉ መድረኽ፡ ብሓቂ ዘገርም ነይሩ። ሎሚ ኩሉ ስራሓት ሰውራ ብዝያዳ ክሰፍሕን ክዓብን ክኢሉ ኣሎ። ስለዚ፡ ዋላ ኳ ኣብቲ መጀመርያ ምሉእ ዘይጉዱል ተወፋይነት ናይ ሳባት ነይሩ እንተ በልና ትሕዝቶታትና ሒደት ስለ ዝነበረ፡ ኣብዚ እዋናት'ዚ ትሕዝቶ ሰውራ እምብዛ ልዒሉ ስለ ዘሎ፡ ርኡይ ፍልልያት ኣለዎ ክበሃል ይከኣል፡” ይብል።

መጕዓዝያ ኣብ ሰውራ ተራኡ ዕዙዝን ልዑልን ነይሩ ክንብል እንከለና፡ እቶም ብተወፋይነት ምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ክብሉ ነቲ ኽቡር ሞያኦም ንሰውራ ዝወፈዩ፡ መራሕቲ መካይንን መካኒካትን፡ ነቲ ኣሽሓት ገንዘብ ክሓፍሱሉ ዝኽእሉ ዝነበሩ ውልቃዊ ስራሓት ረሒራሖም፡ ኣብ በረኻታት መካይን ሰውራ ዝመርሑን ዝጸገኑን ከምኡ'ውን፡ ፍልጠቶም ናብ ካልኦት እናመሓላለፉ ተካእቲ ወለዶ ዝሃንጹ ዝነበሩ ሞያውያን መጕዓዝያ ክምስገኑ ይግባእ።

ንሶም እንተ ዘይነብሩ እቲ ኣሽሓት ኪሎ ሜተራት ተጓዒዞም ካብ ጎረቤት ሃገር ዝመጽእን ኣብ ውሽጢ ሜዳ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝጓረት ዝነበረ ዕጥቅን ስንቅን ተጋደልቲ፡ ኣብ ድፍዓት ኣትዩ ኣደዳ ደርባ መዳፍዕ፡ ነፈርቲ ከምኡ'ውን፡ ነቶጕቲ ዘኾኑ ዝነበሩ፡ ኣብ ሕማቕ መንገድታት ለይቲ መብራህቲ ኣጥፊኦም ህይወቶም ንሓደጋ ወፍዮም ዝተቓለሱን፡ ነፍሶም ካብቲ ካልእ ታጋዳላይ ዝረኸቦ ዝነበረ ባህግታት ቀቲሎም ክዘናግዑ ባህሊ ክንርኢ ከይበሉ፡ ደረጃ ትምህርቶም ከስፍሑ ኣብ መኣዲ ኣካዳሚያውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ከይተቐረቡ፡ ከይተሓለሉ ግዜኦም ዘሕለፉ ኣባላት መጕዓዝያ ሰውራ ምስጋና ይግብኦም እዩ።

**መወከሲ፡ ሓርበኛ ቅጽ2፡ ቁ.3 መስከረም** 1990



<u>ክኢላታት መጓዓዝያ ህ.ግ. ንሓዲሽ ወለዶ እናመሃሩ (29/06/1978)</u>

## መጋቢት ኣብ ታሪኽና

- መጋቢት 1975 ግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ኣቑርደት፡ ሕርጊጎን እምቤረምን።
- 22 መጋቢት 1977 ምሕራር ከተማ ናቕፋ ሓንሳብን ንሓዋሩን።
- 21 መጋቢት 1984 ምድምሳስ ናይቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንኣስታት 5 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ።
- 12-19 መጋቢት 1987 ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነት ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም)ን።
- 19 መጋቢት 1988 ምድምሳስ ናይቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንኣስታት 10 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ብናደው እዝ ዝፍለጥ ሰራዊት ኢትዮጵያ።

## ብዛዕባ እዛ ስእሊ !

እዞም ኣብ ስእሊ እንርእዮም ዘለና ሰለስተ መኩንናት፡ ሕብረት ሶቬት ኰይኖም፡ ካብቶም ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሶቬታውያን ኣማኸርቲ ኣብ ጎድኒ ሰርዓት ኢትዮጵያ ተሰሊፎም ዝነበሩ'ዮም። ሓደ ካብቲ ኣብ መጋቢት 1988 ዝተፈጸመ ዕዉት መጥቃዕቲ ምድምሳስ እዚ ናደውን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ድማ፡ ብተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝተማረኹ'ዮም።



## ሻዱሻይ ወራር ብካርቱን !




ብዛዕባ እቶም 8 ወራራት ዘበነ-ሰውራ እንታይ ትፈልጡ? ነዚን ካልእን ኣብ ዝቕጽል ኩርናዕ ንኣፍልጦ ታሪኽና ተኸታተሉ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## Specific Procurement Notice

Invitation for Bids [IFB]
Goods
(One-Envelope Bidding Process)

IFB Number: DSP/SPN/OCBI/03/2024
Purchaser: Ministry of Energy and Mines
Project: Dekemhare 30 MW Solar PV Project
Contract title: Professional Tools and Equipment
Country: State of Eritrea
Loan No. / Grant No.: TSF5900155017954/ADF2100155042372
Procurement Method: Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
OCBI / LCB No: DSP/OCBI/PTE/03/2024
Issued on: Mar 22,2025

1. The Government of the state of Eritrea has received financing from the African Development Fund (ADF) hereinafter called the Bank toward the cost of Dekemhare Solar PV Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the Contract for the Procurement of Professional Tools and Equipment. For this contract, the Grant Recipient shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing.
2. The Ministry of Energy and Mines (MoEM) now invites sealed Bids from eligible Bidders for the Procurement of Professional Tools and Equipment.
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated 2015, and IFB is open to all eligible Bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Ministry of Energy and Mines(MoEM), Mr Tefferi Abraha - e-mail tefferiab.pce@gmail.com during working days (Monday to Friday) and office hours 0900 to 1700 hours at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.
5. The bidding document in English may be obtained free of charge by interested eligible Bidders upon registry at the e-mail address given at the bottom of the SPN/ IFBs below
6. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 AM local time on May 26, 2025. Soft (electronic) copies will be required in addition to hard copies. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below on 11:00 AM local time on May 26, 2025.
7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of USD 10,000.
8. Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the recipient to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.
9. The address referred to above is:
   Client: Ministry of Energy and Mines
   Attention: Mr. Tefferi Abraha
   Director, Energy Resources Development and Project Manager Address:
   Street: Denden Street, No. 176
   Postal Address: 5285
   Postal Code: 174
   City: Asmara
   Country: State of Eritrea
   Telephone: Tel: +291-112-5972
   Mobile: +291-717-5327
   E-mail address: tefferiab.pce@gmail.com

## Specific Procurement Notice

Invitation for Bids [IFB]
Goods
(One-Envelope Bidding Process)

IFB Number: DSP/SPN/OCBI/04/2024
Purchaser: Ministry of Energy and Mines
Project: Dekemhare 30 MW Solar PV Project
Contract title: Professional Software
Country: State of Eritrea
Loan No. / Grant No.: TSF5900155017954/ADF2100155042372
Procurement Method: Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
OCBI / LCB No: DSP/OCBI/PS/04/2024
Issued on: Mar 22, 2025

1. The Government of the state of Eritrea has received financing from the African Development Fund (ADF) hereinafter called the Bank toward the cost of Dekemhare Solar PV Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the Contract for the Procurement of Professional Software. For this contract, the Grant Recipient shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing.
2. The Ministry of Energy and Mines (MoEM) now invites sealed Bids from eligible Bidders for the Procurement of Professional Software.
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated 2015, and IFB is open to all eligible Bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Ministry of Energy and Mines (MoEM), Mr Tefferi Abraha - e-mail tefferiab.pce@gmail.com during working days (Monday to Friday) and office hours 0900 to 1700 hours at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.
5. The bidding document in English may be obtained free of charge by interested eligible Bidders upon registry at the e-mail address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.
6. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 AM local time on May 19, 2025. Soft (electronic) copies will be required in addition to hard copies. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below on 11:00 AM local time on May 19,2025.
7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of USD 5,000.
8. Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the recipient to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.
9. The address referred to above is:
   Client: Ministry of Energy and Mines
   Attention: Mr. Tefferi Abraha
   Director, Energy Resources Development and Project Manager Address:
   Street: Denden Street, No. 176
   Postal Address: 5285
   Postal Code: 174
   City: Asmara
   Country: State of Eritrea
   Telephone: Tel: +291-112-5972
   Mobile: +291-717-5327
   E-mail address: tefferiab.pce@gmail.com

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ብጫ ካርድ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ

ኣብ ዓውደ ስፖርት ከዕሶ እግሪ ብጫ ካርድ ወይ ናይ መጠንቀቕታ ካርድ ኣብ ግጥም ዝሎ ተጻዋታይ ምርኣይ ዝውቱር ኣሰራርሓ እዩ። እዛ ካርድ፡ ካብዞን ቀንዲ መሳርሒታት ወይ ዕጥቅታት ዳኛ ምኳኖም ውን ይፍለጥ።

ብጫ ካርድ ብወግዒ ኣብ ስራሕ ዝወዓለትሉ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1970 ምኻኑ ታሪኽ ይጠቕስ። ማእከላይ ዳኛ፡ ንዘላበሰ ወይ ንዘተጋጸ ተጻዋታይ ከጠንቅቕ ምስ ዝደሊ ድማ ይጥቀመላ። ተደጋጋሚ በደላት ወይ ዓቢ ጌጋ ንዝፈጸመ ተጻዋታይ ካብ ሜዳ ንምስጓግ ድማ - ቀይሕ ካርድ ይጥቀም።

ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ግን ንተጻዋታይ ዘጠንቅቕ ወይ ዝቐጽዕ ካርድታት ናይ ምርኣይ ኣሰራርሓ ኣይጸንሐን። ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ማለት ዩሲኣይ፡ ቅድድም ብሽክለታ ዝዩዳ ውሑስ ንምግባሩ፡ ብጫ ካርድ ከተኣታቱ ብምሕሳቡ፡ ካብ 1 ነሓሰ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2024 ንፈተነ ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ ነይሩ እዩ። እዚ ናይ ካርድ ኣሰራርሓ፡ ካብዚ ዓመት'ዚ ጀሚሩ ድማ፡ ብወግዒ ኣብ ስራሕ ኣተኣታትዩዎ ደርኩቡ።



ብጫ ካርድ እዚ ዓውዲ፡ ልክዕ ከም ናይ ከዕሶ እግሪ ሕጊ ንዝጥሓሰ ተቐዳዳማይ ማለት ውሕስነት ተቐዳደምቲ ኣብ ሓደጋ ዝኣተወ ተቐዳዳማይ እዩ ከም መጠንቀቕታ ዝወሃብ። ከምቲ ናይ ከዕሶ እግሪ ኣብ እዋን ጸወታ ብማእከላይ ዳኛ ዝውሃብ ግና ኣይኮነን።

ብኸመይ ደኣ ይሰርሕ? እቶም ክጡሓሱ ዘይብሎም ሕግታት ከመይ ዝበሉ እዮም? መቕጻዕቲ ብጫ ካርድ'ኸ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ናይ ግድን እዩ።ብኸመይ ይሰርሕ?

ኣካየድቲ ውድድር፡ ብጫ ካርድ - ብዝዩካ ንተቐዳደምቲ፡ ንመራሕቲ መኪና፡ ኣባላት ስታፍን ካልኦት ኣካላትን'ውን ይወሃቦም እዩ።

ብጫ ካርድ፡ ድሕሪ ጸወታ ኣብ ዘሎ ጸብጻብ ውድድርን ርክብ ኮሚሽነራትን ብዝተዋሃበ ደስደ፣ ጌጋ ንዝገበረ ተቐዳዳማይ ኮነ ካልእ ኣካል ድማ ይወሃቦ። ከም ናይ ከዕሶ እግሪ ብኣካል የርኣይዎም ዘይኮኑ ድሕሪ'ቲ ዝግበር ጸብጻብ ከምዝተዋህበ ብግብኡ ይሕበርሞ።

ተደጋጋሚ ናይ ስምዒታ ካርድ ምውሳድ ድማ፡ ካብ ውድድር ምእላይ የስዕብ።

**ገለ ካብቶም ዘቕጽዑ ጥሕሰታት**

* ንተቐዳዳማይ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ብሓፈሻ ሓደገኛ ኣዘዋውራ

* ዘይሰሩዕ ሸኳ (ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ዝግበር ዘይሰሩዕ ሸኳ)

* ናይ ካልእ ተቐዳዳማይ ማልያ ኮነ ኮረቻ (ሴድል) ምስሓብ

* ብርእሲ፡ ኢዱ፡ እግሪ ወይ መንኩብ ብምጥቃም፡ ንኻልእ ተቐዳዳማይ ምድፋእ

* ምፍርራሕ ወይ ምሹዳድ

* ዝተጠቐሙሎም ነገራት (መስተዪ ማይ፡ ቅራፍ ናይ ዝበልዕዎ መግቢ) ንሓደጋ ኣብ ዘቃልዕ ቦታ ወይ ናብ ተዓዘብቲ ምድርባይ

* ኣብ እዋን ውድድር ካስኮ (መከላኸሊ ቆብዕ) ምውጻእ . . . ካልእን የቕጽዑ እዮም።

**ሳዕቤናት ብጫ ካርድ**

* ኣብ ሓደ ውድድር ክልተ ብጫ ካርድ ምውሳድ፡ ካብ ውድድር ምእላይን ናይ ሸውዓተ መዓልታት ካብ ጸወታ ምእጋድን የስዕብ።

* ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሰለስተ ብጫ ካርድ ምምዝጋብ፡ ንኽልተ ሰሙን (ን14 መዓልታት) መቕጻዕቲ የስዕብ።

* ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሽዱሽተ ብጫ ካርድ ምውሳድ ድማ፡ 30 መዓልታት (ሓደ ወርሒ) ካብ ውድድር ምእላይ የስዕብ።

ዩሲኣይ፡ ንናይ ስምዒታ ካርድ ዘተኣታተወሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ሓደገኛታት ባህርያት ብምእላይ፡ ንቕድድም ብሽክለታ ውሑስ ምግባር እዩ።

ዛጊት ክኣ ኣብ ዝተፈላለየ ውድድራት ከም ተቐዳዳማይ ለድል ትረክ - ጆናታን ሚላን፡ ኣባል ቦራ ሃንስግሮብ - ዳኒ ቫን ፖፐል (ክልተ ግዜ)፡ ኣሌክሳንደር ክሪስቶፍ ካብ ክሉብ ኡኖ ዝርከቡዎም ብርክት ዝበሉ ተቐዳደምቲን ስታፍ ክለባትን ተመዝጊቦሎም ኣሎ።

## ብራዚል፡ ንጆርጅ ተቛምት

ብቐድሚ ትማሊ ዓለማዊ ንዝበረ ዶሪቫል ጁኒየር ዘበረረቶ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል፡ ንጆርጅ ጂሰስ ኣብ ዝርዝር ተደለይቲ ኣእትያቱ ምህላዋ ተሓቢሩ።

ብራዚል፡ ሰለስ ምሸት ብቐንዲ መቐናቕንታ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና፡ ኣብ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 ብበፊሕ 4ብ1 ድሕሪ ምስዓራ እያ፡ ንዶሪቫል ካብ መዘኑት ዝሓለፈ ዓርቢ ኣልያቶ። እዚ ብራዚላዊ ኣሰልጣኒ፡ ነዛ ሓሙሸተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ብምልዓል ኣብ ቅድሚት እትርከብ ናይ ሃገር ጋንታ ካብ ጥሪ 2024 ጀሚሩ እዩ ከዕልማ



ጸኒሑ። ካብ 16 ግጥማት ድማ፡ ኣብ ሸውዓተ ክዕወት እንከሎ፡ ኣብ ሸውዓተ ማዕረ፡ ኣብ ክልተ ስዕረት ኣስተማቒሩ።

እዛ ዓርሞሸሸ ሃገራዊት ጋንታ፡ እንተኾይኑ ከም ቀዳማይ ኣማራጺ እትጥምቶን ካብ ነዊሕ ክትሓተተሉ ዝጸንሐትን ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ - ካርሎ ኣንቸሎቲ እዩ።

እንተኾነ፡ ኣንቸሎቲ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ምስ ማድሪድ ውዕል ስለዘለዎ፡ ኣብዚ እዋን ክመጻ ኣይክእልን እዩ። እዛ ጋንታ ግን ኣብቲ ካብ 11 ሰነ ክሳብ 19 ሓምለ 2026 ዝሰላሰል ዋንጫ ዓለም ክመርሓ እያ ደሊያ። ብራዚል፡ ቅድሚ ንዶሪቫል ምቑጻሮ'ውን ንኣንቸሎቲ ንምምዛዝ ፈቲና፡ ኣይሰለጣን።

በዚ ድማ፡ ብራዚል፡ ራዳራ ናብ - ጆርጅ ጂሰስ ኣዘራሪቶ ኣላ። ንስዑዳዊት ክለብ ኣል-ሂላል ዘዕልማ ዘሎ እዚ ወዲ 70 ዓመት ፖርቱጋላዊ ዓለማዊ፡ ነዛ ጋንታ ክሳብ 3 ግንቦት (ኣብ ፍጻመ ጸወታ ቻምፕዮንስ ሊግ ናይ ኤሽያ ክበጽሓ እዩ ደላዩ) ክመርሓ ከምዝደሊን ብምግላጽ፡ ንዘመጽእ ሕቶ ኺግዋ ኣሎ - ብመሰረት ጸብጻባት። ምናልባት ድሕሪ'ዚ ውድድር፡ መዘኑቱ ክለቕቕ ይኽእል እዩ - ብራዚል ክሳብ ሽዑ ዓለማዊ እንተዘይቀጸረ።

## ቦርንማውዝ፡ ንኬፓ ከተፈርሞ ደልያ

እንግሊዛዊት ክሉብ ቦርንማውዝ፡ ብልቓሕ ንዝጻወተላ ዘሎ ሓላዊ ልዳት - ኬፓ ኣሪዛባላጋ፡ ብቐዋሚ ከተፈርሞ ደልያ ኣላ።

ቦርንማውዝ፡ እዚ እስጳኛዊ ኣብ ምጅማር እዚ ወቕቲ ካብ ቸልሲ ብልቓሕ ከምዘፈረሞቶ ይዝከር። ዛጊት ኣብ 22 ናይ ፕሪመር ሊግ ክጥማት ድማ ወኪሉዋ ኣሎ። ኣብዛ ጋንታ ብሉጽ ቁመና ሂቡ ዘሎ ኬፓ፡ ኣብ ሓሙሽተ



ግጥማት ሸቶ ከይተመዝገቦ ክወጽእ ክኢሉ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 101 ፈተነታት (ሾት) - 74 ፈተነታት ብምድሓኑ፡ 73 ሚእታዊት 'ስትረት ሸቶ' ከምዝለዎ ስታስቲካዊ ሓበሬታኡ የረድእ።

ቦርንማውዝ ኣብዚ ወቕቲ ሓንቲ ካብ ተወዳደርቲ ክለባት ፕሪመር ሊግ ክትከውን ድማ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኣሎ። ብዘቐዓቱ ዝፃገበት እዛ ጋንታ ድማ፡ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ዝኸፈት ማሰኮት ምስየጊጋር፡ ብቐዋሚ ከተፈርሞ ደልያ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ጎል።

## ነገረ ማተታ

ኣብ ምጅማር ናይዛ ወርሒ ኣብ ከቢ ርእሱ ኣሰንባዲ መጉዳእቲ ዝበጠሞ ተጻዋታይ ክሪስታል ፓላስ - ጂያን ማተታ፡ ካብ መጉዳእቲ ድሕሪ ምምሓሱ፡ ትማሊ ፍሉይ መከላኸሊ-ርእሲ ለቢሱ ተጻዊቱ።

ማተታ፡ ኣብቲ 1 መጋቢት ኣንጻር ሚልዎ ዘየደዎ ናይ ኤፍኤ ካፕ ጸወታ፡ ኣብ ሓሙሻይ ደቒቕ ብእግሪ ርበርትስ ብዘስሙ ሓላዊ ልዳት መጋጥምቶም ኣብ ርእሱ ምህራሙ'ን ተጸይሩ ምውጻኡን ይዝከር። ሰሪዚ ሕማቕ ኣተኣታትዋ ዝፈጠሮ ሓደጋ ድማ፡ ማተታ፡ ኣብ እዝኑ ኣዝዩ ክህሰ እንከሎ፡ 25 ጋሸ ድማ ተሰፍዩ።

ኒታ ናይ ዘር 16 ጸወታ ዝተዓወተትላ ፓላስ፡ ትማሊ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ናብ ሜዳ ፋልሃም ተጓዒዛ ተጻዊታ፣ 3ብ0 ድማ ተዓዊታ። ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝጸንሐ -



ማተታ ድማ፡ ትማሊ ንፈለማ ግዜ ናብ ጸወታ ተመሊሱ፣ ንኮሚዲራታትን ተኸታተልቲን ዝሰሓብ መከላኸሊ ለቢሱ ብምምጻኡ።

ገለ ካብቲ ተዓዘብቲ ዝጸሑዎ ርእይቶ ድማ፡ ንማተታ፡ ምስ ሓደ ኣብ ሓንቲ ናይ ሆሊዉድ ፊልም ዘሎ ገጸ ባህሪ ዘመሳሰልዎ እዩ።

ንፋልሃም 3ብ0 ሰዒራ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ ዘላ ፓላስ፡ ረቡዕ ናብ ሳዋምፕተን ተጓዒዛ ናብ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ክተካይድ እያ። ማተታ ድማ ድሕሪ ወርሒ ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ጸወታ ክሰልፍ ትጽቢት ይግበረሉ።

## ተጻወትቲ ኣርሰናልን ማድሪድን ኣብ ወሳኒ ግጥም . . .

ሪያል ማድሪድ፡ ሰሉስ 8 ሚያዝያ ኣንጻር ኣርሰናል ኣብ እተካይዶ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ ቻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣብ መጉዳእቲ ዘለዉ ተጻወትታ መንዲን ሰብለሰን ክርከቡ ምኻኖም ብርእሱ'ተኣማሚኑ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ንዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝሕለፎ ወኒ ተጻዋታይ ኣርሰናል - በካዮ ሳካ፡ ነዛ ኣብ ሜዳኦም ዝሰላሰል ዓቢ ግጥም ድሉው ምህላዉ ይሕበር ኣሎ። እዚ ኸኣ፡ ንኣርሰናል ደርዒ ምኻኑ ይትንተን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሴባሎስ፡ ኣብቲ ጸወታ እንተተሰሊፉ፡ ኣንጻር ናይ ቀደም ክለቡ ክጻወት እዩ። እዚ እስጳኛዊ፡ ካብ ሓምለ 2019 ክሳብ 2021 ብልቓሕ ካብ ማድሪድ ናብ ኣርሰናል ተሰጊጊሩ ምንባሩ ይዝከር።

## ሽዝኒን ባርሳን፡ ኣብ ስምምዕ . . .

ሓላዊ ልዳት - ሽዝኒ ክለቡ ባርሴሎና፡ ኣብ ጉዳይ ሓዲሽ ውዕል ክሰማምዑ ቀሪቦም።

ኣብዚ ወቕቲ ብናጻ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ - ሽዝኒ፡ ዛጊት ኣብ ኽሉ ኣብ ዝተሰለፈሉ ግጥማት ኣይተሳዕሩን፣ ኣብ ትሸዓተ ግጥማት ድማ ሸቶ ከይተመዝገቦ ወጺኡ።

በዚ ድማ፡ እዛ ጋንታ ክሳብ ሰነ 2026 ዝጸንሐ ሓዲሽ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ከተፈርሞ ቀሪባ ኣላ፣ ከውሰኽ'ውን ኣማራጺ ዘለዎ ውዕል እዩ።

ሽዝኒ፡ ድሕሪ ምዝዛም 2023-24 ካብ ጁቬንቱስ ተፋኒዩ ቡጽ ኢዱ ሰቒሉ ነይሩ። እንተኾነ፡ ቀዳማይ ሓላዊ ማዕጾ ባርሳ - ተር ስተገን ኣብ ወርሒ መስከረም 2024 ከበድን ንነዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ዝኣልዮን መጉዳእቲ ምስ ገጠሞ እዩ ዳግማይ ናብ ጸወታ ተመሊሱ።

## መደብ ጸወታ

**ኤፍኤ ካፕ ርብዒ ፍጻመ**

ፕረስቶን - ኣስቶን ቪላ 3:30 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ማን ሲቲ 6:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ባርሴሎና - ጂሮና 5:15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ፊዮረንቲና - ኣላታንታ 4:00 ድ.ቀ

ኢንተር ሚላን - ኡዲነዘ 7:00 ድ.ቀ

ናፖሊ - ኤሲ ሚላን 9:45 ድ.ቀ

ጸባሕ (ሎሚ ዒዲ ብምኻኑ ዝተሰጋገረ)

**ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'**

ማይ ተመናይ - ኣዱሊስ 12:00 ድ.ቀ

ደንደን - ጎዳይፍ 2:00 ድ.ቀ

ኩባንያ ሰምበል - ኣስመራ በራ 4:00 ድ.ቀ

**ተረኛ ፋርማሲ**

ፋርማሲ ናጽነት
ፋርማሲ ኖቫ
ፋርማሲ ፍረ ዓወሊ

**ዕለት**
30/03/25

**ኣድራሻ**
ጎደና 176-3 ቁ.8 ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ
ጎደና ዓደጋት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፓስካ ዕዳጋ ዓርቢ
ጎደና ዓዲ ኣብዮት ቁ. ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ

**ቁ.ስልኪ**
122035
07120574
163485

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services